| **Example Letter in Tigrinya** |
|---|
| Job 13:15 |
| እዮብ 13፡15 ሓንትስ ኣኻይዳይ ኣብ ቅድሚኡ ኣቕንዕ እምበር ንሱ ይቕትለኒ፡ ኣነስ ካልእ ትጽቢት የብለይን። |
| Psalms 23:4 |
| መዝ 23፡4 በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፡ ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ ብርባርባ ደጎ ሞት እኳ እንተኸድኩ ክፉእ ኣይፈርህን እዩ። |
| Psalms 37:3 |
| መዝ 37፡3 ብእግዚኣብሄር ተማዕቆብ፡ ሰናይ ድማ ግበር፡ ኣብታ ሀገር ተቐመጥ፡ እምነት ኸኣ ድለ። |
| Psalms 37:4 |
| መዝ 37፡4 ብእግዚኣብሄር ተሓጎስ፡ ልብኻ ዝደልዮ ንሱ ክህበካ እዩ። |
| Psalms 37:7 |
| መዝ 37፡7 ንእግዚኣብሄር ሃዲእካ ተጸበዮ፡ በቲ ብመገዱ ዝሰልጠሉ፡ በቲ ሕሱም ሃቕና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኾሪ። |
| Psalms 40:8 |
| መዝ 40፡8 ሽዑ እነኹ መጻእኩ፡ ኣብቲ ጥቕሉል መጽሓፍ ስለይ ተጻሒፉ ኣሎ፡ ኣምላኸየ፡ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ ኣሎኒ፡ ሕግኻውን ኣብ ውሽጢ ልበይ እዩ በልኩ። |
| Proverbs 3:5 |
| ምሳ 3፡5 ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። |
| John 14:1 |
| ዮሃ 14፡1 ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ ብኣይ'ውን እመኑ። |
| Romans 8:18 |
| ሮሜ 8፡18 ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ እሞ ከምኡ ኸኣ ኣነ ንስቓይ እዚ ዘመን እዚ፡ ነቲ ኣባና ክግለጽ ዝመጽእ ዘሎ ክብሪ ከምዘይመዓራረዮ እኣምን ኣሎኹ። |
| Romans 8:28 |
| ሮሜ 8፡28 ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ ከም ምኽሩ እውን እተጸውዑ ግና ኩሉ ንሰናይ ከምዝድገፎም ንፈልጥ ኢና። |
| Philippians 1:21 |
| ፊሊ 1፡21 ንኣይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ፡ ሙማት እውን ረብሓይ እዩ። |

Romans 8:35

ሮሜ 8፡35 ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዝፈልየና መን'ዩ፧ ከመይ ምእንታኻ
ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፡ ከም ኣባጊዕ እውን ተቘጺርና፡
ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕ
ርቃንዶ፡ ፍርሃዶ ወይስ ሰይፊ።

Romans 12:1

ሮሜ 12፡1 እምበኣርሲ ኣሕዋተየ ንሲጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ
ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕ
ደኩም ኣለኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ
ኣገልግሎትኩም እዩ።

2Corinthians 1:9

2ቆረ 1፡9 ኣብቲ ንምውታት ዘተንስእ ኣምላኽ እምበር ኣብ ገዛእ
ርእስና ምእንቲ ከይንውከልሲ ሞት ከም እተፈርደና ኣብ ውሽጥና
ይስምዓና ኔሩ።

2Corinthians 4:17

2ቆረ 4፡17 እቲ ሽዓ ዝሓልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዜብሉ
ብሉጽ ናይ ዘልኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ'ሞ፡ እቲ
ናይ ወጻኢ ሰብና እንተበሰበሰ እኳ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ
ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና።

Philippians 1:29

ፊሊ 1፡29 እቲ ኣባይ ዝርኤኹምዎ ሕጂ'ውን ኣባይ እትሰምዕዎ
ዘለኹም ገድሊ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም ስለ ክርስቶስ ምእንታኡ
መከራ ድማ ክትጽግቡ እምበር ብኡኡ ክትኣምኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸጋ
ተዋሂቡኩም ዘሎ።

Hebrews 12:2

እብ 12፡2 ናብቲ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጎስ
ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማሪ
እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት።

James 1:2

ያእ 1፡2 ኣሕዋተየ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተበጽሓኩም ኹሉ ከም
ሓጎስ ቍጸርዎ።

1Peter 4:12

1ጴጥ 4፡12 ኣቱም ፍቁራተይ በቲ ንምፍታን ዚረኽበኩም ዘሎ ዋዒ
ሓዊ ሓድሽ ነገር ከም ዚበጽሓኩም ኴንኩም ኣይትገረሙ።

James 1:12

ያእ 1፡12 ተፈቲኑ ምስ ወጸ ነቲ እግዚኣብሄር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ህይወት ኪቕበል እዩ እሞ፡ እቲ ብፈተና ዚዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ።

1Peter 1:6

1ጴጥ 1፡6 እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ ንምስጋና ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ካብ ዚኹላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ኽቢሩ ምእንቲ ኪርከብ እንተ ኣድለየስ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጕሃኹም ብኡኡ ክትሕጎሱ ኢኹም።

1Peter 4:13

1ጴጥ 4፡13 ብምግላዕ ግርማኡ ድማ ክትሕጎሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትኾኑስ ተሓጎሱ ድኣ።

Revelation 21:4

ራእ 21፡4 ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ፡ እቲ ቀዳማይ ሓሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይክኸውንን ድሕር ደጊም እውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ።

I gave thanks for you when I heard of your faith in the Lord Jesus.

ብጎይታና ብየሱስ ክርስቶስ ዘሎካ እምነት ምስ ሰማዕኩ ኣዝየ ኣመስጊነ።

Your life exhibits the grace He has shown you.

ህይወትካ ነቲ ካብ ጎይታ ዝረኸብካዮ ጸጋ የንጸባርቕ።

We encourage you to take advantage of every opportunity to tell others about Jesus.

ንኻልኦት ብዛዕባ የሱስ ክትምስክር ዘሎካ ዕድል ኩሉ ክትጥቀመሉ ንተባብዓካ።

We love you and your family. We are praying for you, your family, and your guards.

ንዓኻን ንስድራኻን ነፍቅረኩም፡ ንዓኻ፡ ንስድራኻ ከምኡ ድማ ነቶም ሓለውቲ ቤት-ማእሰርቲ ንጸሊ።

My heart rejoices that you are strong in the Lord.

ብጎይታ ስለዝጸናዕካ ልበይ ብጎይታ ባህ ይብሎ።

I pray your witness will lead many to Jesus.

ምስክርነትካ ንብዙሓት ናብ ጎይታ ከምጽእ እዩ።

I thank God for your love of Chirst.

ስለቲ ኣብ ጎይታ ዘሎካ ፍቕሪ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኖ።

You are fighting a good fight. May you keep the faith and finish the race.

ሰናይ ውግእ ትዋጋእ ኣሎኻ፡ ብእምነትካ ጸኒዕካ ጉዕዞኻ ዛዝም።

May those who persecute you see Jesus in your life.

እቶም ዝሰጉኹኻ ኣብ ህይወትካ የሱስ ይርአዩ።

You are counted worthy to suffer for His name.

ስለ ስሙ መከራ ክትቅበል ምስቶም ብቑዓት ተቖጺርካ ኣሎኻ።

I pray you feel the arms of our Lord surrounding you.

ብጸሎታት ኣእዳው ጎይታ ከምተኸለልካ ክስምዓካ እጽሊ።

Keep looking to Jesus, our only hope of heaven.

ናብቲ ተስፋ ጽድቅና የሱስ ምጥማት ኣይተቋርጽ።

I pray you will feel the presence of Christ with you today.

ህላዌ የሱስ ክርስቶስ ሎሚ ምሳኻ ከምዘሎ ክስምዓካ ጸሎተይ እዩ።

The Lord is your shepherd and He will be with you.

ጎይታ ጓሳኻ እዩ፡ ምሳኻ ድማ ክኸውን እዩ።

The fields are ripe for harvest. I pray you bring in many.

እቲ እኽሊ ንዓጺድ በጺሑ ኣሎ፡ ብዙሕ ክትእክብ እጽሊ።

Blessed are you in the eyes of the Lord.

ኣብ ኣዒንቲ ጎይታ ኣዚኻ ብሩኽ ኢኻ።

I thank God for your faithfulness.

እሙን ስለዝኾንካ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኖ።

Let Jesus continue to guide your steps to eternal life.

የሱስ ንጉዕዞኻ ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምምራሕ ይቕጽሎ።

When one part of the body suffers the whole body suffers. Many Chrisitians around the world are standing with you.

ሓደ ክፍሊ ኣካል ክሳቐ ኸሎ፡ ምሉእ ኣካላት ሲጋ ይሳቐ፡ ኣብ ዙሪያ ዓለም ዘለዉ ክርስትያናት ምሳኻ ደው ኢሎም ኣለዉ።

I pray the eyes, ears and hearts of those who persecute you may open to Jesus.

ኣዒንቲ፡ ኣእዛንን ልቢ ናይቶም ዝስጉኻ ንየሱስ ክኸፈታ እጽሊ።

Thank you for suffering with Jesus.

ምስ የሱስ ሓሳረ መከራ ትጸግብ ስለዘሎኻ ኣምሳኽ ይባርኽካ።

My prayers are with you as you endure the fellowship of suffering.

ብመከራ ትሓልፈሉ ኣብ ዘሎኻ እዋን፡ ብጸሎት ምሳኻ ኣለኹ።

May your light reveal the truth to those around you.

ኣብኻ ዘሎ ብርሃን ኣብዙሪያኻ ንዘለዉ ብርሃን ሓቂ የብርሃሎም።

Your present trials proclaim your faith.

እዚ ናይ ሕጂ ፈተናኻ መረጋገጺ እምነትካ እዩ።

Our Lord is with you even where you are.

ኣብ ዘለኻ ኣሊኻ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻ እዩ።

www.vomkorea.com 에서 같은 내용을 찾을 수 있습니다.

©2019 Voice of the Martyrs Korea